ክታበት COVID-19

# ነ ሓቅታት ፍለጥ።

## COVID-19ን ጉንፋዕን

**COVID-19 ከቢድ ሕማም እዩ። ኣብ ዝኾነ እዋን ጉንፋዕ ምስ ክትሓምም ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ብፍላይ ድማ ኣብዚ ዓመት እዚ ሓደገኛ እዩ ምኽንያቱ፦**

- ጉንፋዕን COVID-19ን ብሓንሳእ ዝሓዞም ሰባት፡ ከቢድ ሕልኽላኽን ሞትን ከጋጥሞም ዝሰፍሐ ዕድል ኣሎ።
- ሓያል ጉንፋዕ እንተ ሒዙካ፡ ናይ ሕክምና ሓገዝ ክትረክብ ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዶክተራትን ሆስፒታላትን COVID-19 ዝሓመሙ ብዙሓት ሰባት ስለ ዝኣልዩ፡ ጉንፋዕ ዝሓመሙ ሰባት ክቕበሉ ኣይኽእሉን ይኾኑ።



## ርግጸኛ ንምኧን ተመርመር

ናይ COVID-19ን ወቕታዊ ኢንፍሉዌንዛን (ጉንፋዕ)ምልክታት ኣዝዩ ይመሳሰል እዩ፦

- ረስኒ
- ሰዓል
- ናይ ምስንትፋስ ጸገም
- ድኻም
- ነድሪ ጎሮሮ
- ንፋጥ
- ቃንዛ ጭዋዳታት ወይ ቃንዛ ሰብነት
- ሕማም ርእሲ
- ተምላስን ውጽኣትን

**COVID-19 ወይ ጉንፋዕ ሒዙኻ እንተ ኾይኑ ርግጸኛ ኽትኰነሉ እትኽእል እንኮ መገዲ፡ መርመራ ብምግባር እዩ።**



### ንጥዕናኻ ብዝበለጸ ምእንቲ ክትከላኸለላ፡ ክታበት COVID-19ን ክታበት ጉንፋዕን ተኸተብ

- ክልቲኡ ኽታበት ማለት COVID-19ን ክታበት ጉንፋዕን ንጥዕናኻን ንጥዕና ስድራ ቤትካን ንጥዕና ማሕበረሰብካን ይከላኸል እዩ።
- ክልቲኡ ኽታበት ከይትሓምምን ነቲ ሕማም ናብ ካልኦት ከይተላብዕን ይከላኸል እዩ። እንተ ሓሚምካ እውን፡ እቲ ሕማም ናብ ሓደገኛ ደረጃ ኸይበጽሕ ይከላኸለልካ እዩ።

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants



ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፦ cdc.gov/coronavirus



# ክታበት ጉንፋዕን ክታበት COVID-19ን ውሑስ እዩ

- ክታበት COVID-19ን ክታበት ጉንፋዕን ክልቲኡ ኣብ ሓደ እዋን ምኽታብ ውሑስን ውጽኢታውን እዩ።
- ብሰንኪ ዕድመኦም ክታበት COVID-19 ክወስዱ ዘይኽእሉ ቈልዑ፡ ክታበት ጉንፋዕ ክኽተቡ ይኽእሉ እዮም።

## ንገዛእ ርእስኻን ንማሕበረሰብካን ካብ ጉንፋዕን ካብ COVID-19ን ተኸላኸል

እንተ ሓሚምካ ካብ ስራሕ፡ ካብ ትምህርቲ፡ ወይ ካብ ማሕበራዊ ምትእኽኻብ ኣብኩር።

ክታበት COVID-19ን ክታበት ጉንፋዕን ተኸተብ

ተኸቲብካ ዋላ እንተ ኹንካ እውን ማስክ ግበር።

ኣካላዊ ምርሕሓቕ ሓሉ።

ኣዘውቲርካ ኣእዳውካ ተሓጸብን እትትንክፎ በታታትን ኣጽሪ።

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants

11 Feb 2022

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፦ cdc.gov/coronavirus